# ቀዳማይ ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## ዝርዝር ናይ’ቲ መስርሕን ትንተናን
## 31.07.2008

መሓመድ ዑስማን መሓመድ ኑር
ማእከል መጽናዕቲ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ



ዑስማን መሓመድ ኑር
ተዓዚቢ ኣብ መስራቲ ጕባኤ

**መቕድም፡-**

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ “ሰልፍና ፍረ ለውጢ ኣተሓሳስባናን ኣሰራርሓናን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ መስራቲ ጕባኤኡ ካብ 25-31 ሓምለ 2008 ኣካይዱ። ኣዳራሽ ጕባኤ ብዙርያዩ ንሓድነትን ዲሞክራስብ ብዝገልጹ ብዓረብኛን ትግርኛን እንግሊዘኛን ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ ጭርሖታት ኣንጸባሪቑ ነበረ። ገለ ካብ’ዚ ጭርሖታት’ዚ ንምጥቃስ ዝኣክል፡ “ሓቢርና ንሰራሕ ከነድምዕ፡ ሓቢርና ነድምጽ ከነስምዕ” …”ዲሞክራሲ፡ እወ ይከኣል ኢዩ” …”ህዝቢ ዝመሰረቱ፡ ሓድነት ዝሕምረቱ፡ ለውጢ ዝሕላገቱ ሰልፊ ንምህናጽ ንበገስ” ዝብሉ ነበሩ።

**መደረታት፡-**

ዝቐረበ መደረታት ብዙሕ ኢዩ ነይሩ። ኣቶ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ጕባኤ ኣብ ዘቕረቦ መደረ፡ እዚ ጕባኤ’ዚ ነቲ ቅድም ክብል ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተወሲዱ ዝነበረ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምስግጋር ዝዓለመ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ምውዓል ኢዩ ነይሩ ኢሉ። ብድሕር’ዚ፡ ናይ ደገፍ መደረታት ቀጺሉ። ብሓጅ ዓብደልኑር፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝቐረበ ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝጀመረ መደረ፡ ብናይ ካልኦት ኣብ’ቲ ጕባኤ ዝተሳተፉ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን መደረታት ቀጺለ። ኣብ’ቲ ጕባኤ ዘይተሳተፈ ውድብ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኵናማ ኤርትራ ጥራሕ ኢዩ ነይሩ። ኵሉ ዝቐረበ መደረታት ድማ፡ ጕባኤ ብዓወት ናይ’ቲ ጕባኤ ዝምነን፡ ነቲ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ንምርግጋጽ ዝተወስደ ተበግሶ ዘመጕስ ኢዩ ነይሩ።

ስዒቡ፡ ቃል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ቀሪቡ። ኣቶ ወልደሱስ ኣብ’ቲ መድረኽ ምስ ደየበ፡ ኵሎም ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንስም ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከፋንዉ፡ ንትርጕማትን ትሕዝቶን ቃልስታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ግን ክዕቁቡ ዝደልዩ ክመስሉ ኣብ ዙርያኡ ዓሰሉ። ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ንኮሚሽን ምስረታ ሰልፊን ንኣሰናዳኢት ኮሚቴ ጕባኤን ድሕሪ ምምስጋን እቲ ውድብ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ካብ ዘካየዶም ርእይቶታት እቶም ቀንዲ ቀንዲ ጠቐሰ። ኣቶ ወልደሱስ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ልዕሊ 100 ዝኸሶኑ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ኣካይዱ ድሕሪ ምባል፤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ፈሪሱ ንብረቱ፡ ንብረት ናይ’ቲ ዝምስረት ዘሎ ሓድሽ ሰልፊ ክኸውን ምዃኑ ብወግዒ ኣፍሊጡ። ከምኡ ውን፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ዝቘመሉ 1982 ዓ.ም ጀሚሩ ዝሓለፎም መድረኻትን፤ ነቲ ኣብ 1975 እተኻየደ ካልኣይ ሃገራዊ ጕባኤ ዝደጸቐ ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ናይ ተሓኤ ንምምዕባል ብ3ይን 4ይን 5ይን 6ይን ጕባኤታት ኣቢሉ ዝተጻወትዎ ግደን ገሊጹ። ተሓኤ ሰውራዊ

ባይቶ ኣብ'ዚ ዓመታት'ዚ ዘመዝገቦ ተመኲሮን ዓወታትን ክስነድ ምኽኑ ውን ተመባጺዑ። እዚ ንምስርቶ ዘሎና ሰልፊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዘኽእል ዲሞክራስያዊ መደ ዕዮ ሒዙ ክወጽእ ምኽኑ ውን ኣበሲሩ። ንድሕሪ ናጽነት ዘሎ መድረኽ ኣመልኪቱ ድማ፡ እወ ናጽነት ኣረጋጊጽና፡ እንተኾነ ግን እቲ መሰረታዊ ዕላማ ናይ'ቲ ንነዊሕ ግዜ ዝተኻየደ ብረታዊ ቃልስና ዝኾነ ሕቶ ዲሞክራስን ሃገራዊ ሓድነት ህዝብና ምዕቃብን ንድሕሪት ኢና ተመሊስና ኢሉ። ብድሕር'ዚ፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ይኹን ናይ ካልኦት ውድባት ኣሉታዊ ተመኲሮታትን ድሕረትን ደርቢና ነቲ ኣወንታዊ ተመኲሮታት ከነማዕብል ኣሎና ኢሉ። ኣብ መንእሰያት ዘለዎ ዓቢ ተስፋ ድማ ገሊጹ። ነቲ ነዊሕን ስምዒት ዘልዓዕልን መደርኡ ድማ፡ ንግደ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ብምምጓስን፤ ንመንግስቲ ሱዳን ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ እዋን ዝወሰዶ ስጉምቲ ዳግመ-ርእይቶ ክገብረሉ ብምጽዋዕን ዛዚምዎ።

ስዒቡ፡ ብኣቶ ሃይለ ገብሩ፡ ኣቦ መንበር ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ ዝቐረበ መደረ ነይሩ። ኣቶ ሃይለ፡ ኣብ መደርኡ፡ እታ ኮሚሽን ነቲ ውሳኔ ናይ ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ኣብ ግብሪ ንምውዓል ካብ ዝቘመትሉ ዕለት 4 ነሓሰ 2007 ኣትሒዛ ዘካየደቶ ንጥፈታት ዘርዚሩ። ነቲ ሓሳብ ናብ ህዝቢ ንምብጻሕ ብዙሓት ኣኼባታትን ርኽክባትን ከምዝተኻየዱ ውን ገሊጹ። ኣብ ኣመሪካን ኣውሮጳን ኣውስትራልያን ሰለስተ ኮንፈረንሳት ከምዝተገብሩ ሓቢሩ። ቀጺሉ፡ እታ ኮሚሽን፡ ብኣንጻር ናይ'ቲ ገለገለ ሰባት ዘዕልልዎ ናጻን ሻራ ዘይብላን ምንባራ ኣረዲኡ። ብመሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተገብረሉ ምትሕብባር ድማ ኣመጒሱ። እታ ኮሚሽን ንህዝቢ ናጻን ዲሞክራስያውን ዝኾነ መድረኽ ከምዝኸፈተትሉ ድማ ኣሚቱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ምትሕብባር ፎረም ሰንዓን ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ ክሳብ ዝረጋገጽ ደገፍ ሃገሩ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ቀጻሊ ምኽኑ ገሊጹ። ቀጺሉ፡ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘለወን ውድባት ክቀራረባን ሓደ ውድብ ክምስርታን ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ምኽኑ ኣረዲኡ። ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ ግደን ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኲንካ ምቅላስ ዘለዎ ኣገዳስነት ኣብሪሁ።

*መስርሕ ጉባኤ፡-*

*ምምራጽ ሰክረታርያ ጉባኤ፡-* ድሕሪ መኽፈቲ ጉባኤ ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ፡ ኣቶ ገረዝጊሄር ተወልደ ዝኣቦ መንበሩ፡ ኣቶ ሓይልኣብ ዓንዱ ዝምኽትሉ፡ ካልኦት ንትግርኛን ዓረብኛን መዛግብ ዝሕዙ 5 ኣባላትን ዘለውዋ ሰክረታርያ ጉባኤ ተመሪጻ።

**ኣባላት ጉባኤ፡-**

ጉባኤ፡ ኣባላት ጉባኤ ብምጽዳቕ ኢዩ ስርሑ ጀሚሩ። ኣብ ጉባኤ ክውክሉ ዝተመርጹ ካብ 17 ሃገራት ዝመጹ 152 ክኾኑ እንከለዉ፤ ኣብ ቦታ ጉባኤ ዝተረኽቡ 123 ኢዮም ነይሮም። 29 ድማ ብኸራት ኣመዝጊቦም።

**ተዓዘብቲ ኣባላት ጉባኤ፡-**

ኣብ'ቲ ጉባኤ ዝተሳተፉ ተዓዘብቲ ሰለስተ ሽንኻት ነበሩ። ንሳቶም ከኣ፡ ማእከል መጽናዕቲ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜናን ወከልቲ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ነበሩ። ሰልፊ ዲሞክራሲ ከም ተዓዛባይ ኣብ'ቲ ጉባኤ ዝተረኸበሉ ምኽንያት፡ እቲ ኣብ መንጐ ክልቲኡ ውድባት ተጀሚሩ ዘሎ ምቅርራብን ሓባራዊ ስርሓትን ኣብ ግምት ብምእታው ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ማእከል መጽናዕቲ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜናን ኣብ ጉባኤታት ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜ ኢዮም ዝሳተፉ ዘለዉ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንዝገበሩልና ዕድመ ከመስግን እፈቱ።

ሰነዳት ጉባኤ፡-

ኣብ ጉባኤ ዝቐረቡ ኣገደስቲ ሰነዳት፡ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ንድፊ ውድባዊ መደብ ዕዮን ቅርጻን ኢዮም ነይሮም።

ቀዳማይ፡- ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ሰልፊ፡- መደብ ዕዮ ሰልፊ ብመእተውን መዕጸውን 7 ምዕራፋትን ዘጠቓለለ ኢዩ። እቶም 7 ምዕራፋት ድማ፡ ብዛዕባ ስም ሰልፊ፡ ኣርማ ሰልፊ፡ ዕላማታት ሰልፊ፡ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ ምጣነ-ሃብታዊ መደብ ዕዮ፡ ማሕበራዊ መደብ ዕን መደብ ዕዮ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ዝዛረብ ኢዩ። ኣገዳስነቱ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ ትሕዝቶታቱ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ክገልጸ እፈቱ።

1. ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ምርግጋጽ፤ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን ዝተሰረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል፤ ዘይምእኩል ስርዓተ-ምምሕዳርን ንኹሉ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዝሳተፍ ምእኩል ምምሕዳር ምቛምን ንልእላውነት ሃገርን ንቅዋምን ነቲ ብህዝቢ እተመርጸ መንግስትን ዝከላኸል ናጻ ወይ ሻራ ዘይብሉ ሃገራዊ ሰራዊት ምህናጽ።

2. ኣብ መዳይ ምጣኔ ሃብቲ ዝተኸስተ ሕጽረታትን ብርሰትን ምሕዋይ፤ መሬት ናይ ህዝቢ ዋንነት ምዃኑ ምርግጋጽ፤ ኣብ ናጻ ዕዳጋ ዝተሰረ ምጣነ-ሃብቲ ክኸውን ምውሳን፤ ነቲ ዘይተመጣጠነ ደራጃ ምዕባለ ምምዕርራይ።

3. ናይ ትምህርትን ጥዕናን ስልጠናን ኣገልግሎት ትኹረት ምሃብ፤ ማሕበራዊ ፍትሕን ዋሕስነትን ምርግጋጽ፤ ነቶም ጥቑዓት ዝኾኑ ከም ደቂ ኣንስትዮ፡ ህጻናት፡ ኣረጋውያን፡ ስንኩላን፡ ሓረስቶት፡ ስድራ ቤት ስውኣትን ስደተኛታትን ዝኣመሰሉ ክፍልታት ሕብረተ ሰብና ፍሉይ ትኹረት ምሃብ።

4. ብደረጃ ዞባን ኣህጉርን ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ሕድሕድ ምክብባርን ኣብ ዓለምና ሰላም ንምስፋን ዘኽእል ሚዛናዊ ናይ ሽርክነት ኣህጉራዊ ዝምድናታት ምምስራት ዝብል ነበረ።

ካልኣይ፡- መሰረታዊ ህንጻ-ሕጊ ሰልፊ፡- መሰረታዊ ህንጻ ሕጊ ሰልፊ መቕድምን 7 ምዕራፋትን ዝቔመ ኰይኑ፤ 32 ዓንቀጻትን ዝሓዘለ 29 ገጻት ዘለዎ ኢዩ። ነዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ገለ ተወሰኽቲ ነጥብታትን ዝተገብሩ ምምሕያሻትን ጥራሕ ጠቒሰ ክሓልፎ እፈቱ።

1. መሪሕነት ሰለስተ ደረጃታት ዘለዎ ክኸውን፤ ንሳቶም ድማ፡ ማእከላይ ባይቶ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ሰክረታርያን ክኾኑ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

2. ናይ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ጉዳይ ኣብ ክንዲ ከም'ቲ ኣብ ናይ 2006 ዝተኻየደ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ትሕቲ ሓደ ቤት ጽሕፈት ዝኾኑ፣ ነናቶም ቤት ጽሕፈት ኣብ ሰክረታርያ ክግበረሎም ተወሲኑ። ከምኡ ውን፡ እቲ ብወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዝፍለጥ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ተሪፉ፡ ኣብ ክንዱኡ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ብዝብል ስም ተተኪኡ።

3. ኣፈ ባይቶን ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካልን ኣብ ክንዲ ክልተ፡ ሓደ ሰብ ኰይኑ። ስለምንታይ'ዩ ከም'ዚ ክኸውን ተመሪጹ ንዝብል ኣብ'ቲ ጉባኤ ዝቐረበ ሕቶ ዝተዋህበ መልሲ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ናብ ሰልፋዊ ስርሓት እንኣትወሉ ዘሎና መድረኽ ናይ ማእከላይ ባይቶ ፍሉይ ኣቦ መንበር ምህላው ኣድላዪነቱ ኣይተራእየናን፤ ከምኡ ውን፡ ናይ ሓጋጊ ባይቶን ፈጻሚ ኣካል ኣቦ መንበራት ዘድልይሉ ኣብ ፓርላማታት ናይ መንግስታት ኢዩ ዝብል ነበረ። እዚ ኣሰራርሓ'ዚ ንሰውራዊ ባይቶ ሓድሽ እኳ እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ'ቲ ዝበዝሓ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ዝጥቀማሉ ኣገባብ ኣሰራርሓ ዝምለስ ዘሎ ኰይኑ'ዩ ዝርኣየኒ።

መስርሕ ምርጫ፡-

ናይ ምርጫ ኮሚቴ፡- ሰለስተ ተዓዘብቲ ዝርከብዋ 7 ዝኣባላታ ኣምራጺት ኮሚቴ ብጉባኤኛታት ተመዚዛ። እታ ኮሚቴ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኣ፡ መሓመድ ኑር ኣሕመድ ኣቦ መንበራ ክኸውን መሪጻቶ።

ምርጫታት ማእከላይ ባይቶ፡-

ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ 39 ቀወምትን 4 ተጠባበቕትን ዘለውዎ ማእከላይ ባይቶ ቈይሙ። ኣብ'ዚ ምርጫ'ዚ ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸበ ሃይለ ገብሩ ኢዩ። ካብ 110 ድምጽታት 107 ድምጺ ረኺቡ።

ደቂ ኣንስትዮ ሰለስተ ወንበር ኣብ ማእከላይ ባይቶ ረኺበን፤ ከምኡ ውን፡ ብርክት ዝበለ ወናብር ብመንእሰያት ተታሒዙ።

እቲ ኣገባብ ምምራጽ ናይ ኣባላት ባይቶ ካብ'ቲ ቅድሚ ልሙድ ቀጥታዊ ዝኾነ ኣገባብ ምርጫ ፍልይ ዝበለ ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ነዊሕን ዓሚቝን ክትዓት፡ እቲ ኣገባብ ምርጫ፡ ንቀጥታዊ ኣገባብን መጠናዊ ውክልናን ዘዋሰበ ክኸውን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። በዚ መሰረት፡ እቲ ጉባኤ ናይ ዝመጹለን ሃገራት ኣብ ግምት ብምእታው ናብ 7 ናይ ምርጫ ክልላት ተኸፍለ። ከምኡ ውን ነፍስወከፍ ክልል ካብ'ዘን 7 ክልላት ናብ ውድድር እተቕርቦ ብዝሒ ሕጹይ ተወሰነላ። ነፍስወከፍ ክልል ምርጫኣ ኣካይዳ ዝውክልዋ ሰባት መዚዛ። እዞም ካብ ሸውዓቲኡ ናይ ምርጫ ክልልታት ዝተዋጽኡ 59 ሕጹያት ኣብ ሓደ ሊስታ ተመዝጊቦም ብስቱር ኣገባብ ክምረጹ ናብ መላእ ጉባኤኛ ቀሪቦም። ካብ'ዚእም ድማ፡ ኣብ ብዝሒ ዝተዋህቦ ድምጺ ተመርኲሱ፡ እቲ ዝደለ ቍጽሪ ከምዝምረጽ ተገይሩ።

ብገምጋምና፡ እዚ ጠመተን መጽናዕትን ዘድልዮ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ዝግሃድ ዘሎ ሓድሽ ተመኩሮ ኢዩ። ኣብ'ዚ ሓጺር ግዜ'ዚ ንኹሉ ሸነኻቱ መርሚርካ ፍርዲ ምሃብ ኣሸጋሪ እኳ እንተኾነ፡ ንጀዮግራፍያውን ማሕበራውን ውክልና ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ዝቐረበ ተመኩሮ ኢዩ ክንብል ንኽእል። ከምኡ ውን፡ ካብ'ቲ ልሙድ ዝኾነ ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ዝወጸ ከምዘይኮነ ከነረጋግጽ ንፈቱ።

መዕጸዊ ጉባኤ፡-

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብረቡዕ ዕለት 30.07.2008 ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ። ዕዱማት ኢጋይሽን መራሕትን ወከልትን ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ምኽትል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ውኪል ሰክረታርያ ምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓን ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን ቦታታቶም ምስ ሓዙ ድማ መስርሕ ምዕጻው ጉባኤ ጀሚሩ።

መስርሕ ምዕጻው ስርሓት ጉባኤ ውጽኢት ናይ'ቲ እተኻየደ ምርጫ ብምእዋጅ ኢዩ ጀሚሩ። ብድሕር'ዚ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብኣቶ ገረዝጊሄር ተወልደን ኣቶ መሓመድ ኣደም ኣርትዓን ብትግርኛን ዓረብኛን ተነቢቡ። ስዒቡ፡ ናይ መጕስን፡ ናይ ደገፍን፡ ናይ ዓወትን ንኣድላይነት ሓባራዊ ስርሓትን ሓድነትን ዝገልጽ ትሕዝቶ ዘለዎ መደረታት ብኣቶ ሕቡር ገብረኪዳንን ኣቶ ሓጅ ዓብደልኑርን፤ ከምኡ ውን ኣቶ መሓመድ ኑር ኣሕመድ ንተዓዘብቲ ወኪሉ ዘቕረቦ መደረታት ተሰሚዑ።

ብጉጅለ ስነ-ጥበብ ስምረት፡ ንስምዒታት ናይ ጉባኤኛታት ዘልዓዕል ሙዚቃን ደርፍን ነቲ መስርሕ ምዕጻው ኣመንብጕዩ ይካየድ ነበረ።

ካብ ኵሉ ኣብ'ቲ ጉባኤ ዝተኻየደ ክትዓትን ዝቐረቡ ወረቓቕትን ዝገበርናዮ ምይይጥን ዕላላትን ነዚ ዝስዕብ ትዕዝትና ከነስፍር ንፈቱ።

1. ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ 25 ሓምለ 2006 ኢ.ዩ ተኻይዱ ነይሩ። ቀዳማይን መስራትን ጉባኤ ሰልፊ ድማ፡ ልክዕ ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ'ቲ ተወሲንሉ ዝነበረ ዕለት 25 ሓምለ 2008 ተኻይዱ። እዚ መጕስ ዝግብኦ ተግባር ምዃኑ ንርኢ።

2. ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ፡ ንሰነዳት ጉባኤ ናብ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሓደስቲ ኣባላትን ኣብ ምውራድ ብዙሕ ከምዝጸዓረት ተገንዚብና። እዚ ከኣ፡ ጉባኤኛታት ኣብ ኵሉ ዘይኰነስ ኣብ ገለገለ ዝርዝራትን ገለ ክፋል ናይ'ቲ ሰነዳትን ጥራሕ ክዛረቡ ስለዝገበሮም ንዓወት ናይ'ቲ ጉባኤ ሓጋዚ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ሰልፊ ብመርበብ ሓበሬታታት ኣቢሉ ቅድሚ ነዊሕ ግዜ ናብ ህዝቢ ምዝርግሑ፡ ግሉጽነትን ንርእይቶ ናይ ካልኦት ምስማዕን ቅሩብነት ከምዝነበረ ኢ.ዩ ዘመልክት።

3. ከም'ቲ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ኣብ መኽፈቲ ጉባኤ ዝበሎ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኵሉ ዝዓለሞ መደባት ኣየረጋገጸን። እንተኾነ ግን፡ ካብ'ዚ ኣበሃህላ'ዚ ተበጊስና ዝኾነ ይኹን ዓወት ኣይተመዝገበን ክንብል ኣይንኽእልን። ደምበ ተቓውሞ ዝሓልፎ ዘሎ ድስኩል ፖለቲካዊ ሃለዋት ኣብ ግምት ምእታው፤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዝሽዶ መስርሕ ምስግጋር ናብ ሰልፊ ልዕሊ 150 ዝኾኑ ሓደስቲ ኣባላት ምኽሳቡን፥ ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዝጀመሮ ናይ ሓድነት ልዝብ ኣብ ልዳት ዓወት ምብጻሑን፤ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ምስ መድረኽ ዲሞክራስይዊ ለውጢ ምጥዕዓሙን ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ዓወት ኢ.ዩ።

4. ሽሕ'ኳ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ጉባኤ ብደረጃ ውክልና (6 ተወከልቲ) ይኹን ብደረጃ ክትዓት ትሑት እንተነበረ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ዘለዎ ተገዳስነት ርኡይ ነይሩ።

5. ኣብ ጉባኤ ዝነበረ ክትዓት ሽሕ'ኳ ሓድሓደ ግዜ ኣብ ዝርዝራት ዝኣቱ እንተነበረ፡ ብሓፈሻኡ ግን፡ ካብ ጭቅጭቅን ምስሕሓባትን ዝረሓቐ ዕቱብን ሓላፍነታውን ክትዓትን ምንባሩ ተዓዚብና።